Folktandvården Sörmland

OM PARODONTIT
**TIGRINSKA**

# ብዛዕባ ነድሪ ግርጻን (ፐርዮዶንቲቲስ)

ፐርዮዶንቲቲስ ወይ ምምላቕ ስኒ ኣብ ግርጻን ጥቓ ስኒ ዚኽሰት ሕማም'ዩ።

**ፐሪዮዶንቲቲስ እንታይ'ዩ፧**
ፐሪዮዶንቲቲስ "ምምላቕ ስኒ" ተባሂሉ'ውን ዚፍለጥ ኮይኑ: ባክተርያ ኣብ ግርጻን ስኒ ተኣኪቦም ነድሪ ከስዕቡ ከለዉ ይኽሰት። ነዚ ኹነታት ከይፈታሕካዮ ስቕ እንተ ኢልካ - ነቶም ባክተሪያ ብመፋፍሒ ስኒ ጥራይ እንተ ሊኻዮም - ጉንዲ ስንኻ ኪብላዕ ይኽእል'ዩ። ኣብ መወዳእታ እቲ ስኒ ሱሩ ነቕነቕ ብምባል ይመሉቕ።

**ፐርዮዶንቲቲስ ከም ዘሎኒ ብኸመይ እፈልጥ፧**
ኣብ ፈለማ ግርጻን ስንኻ ዚበዝሕ እዋን ብቐሊሉ ይደሚ፤ ንኣብነት ስንኻ ክትፍሕፍሕ ከለኻ። ግርጻንካ ብጥዕዩ ከሎ ዝነበሮ ህስስ ዝበለ ሮዛ ሕብሪ ጽልም ዝበለ ቀይሕ ይሕዝ (ስእሊ 1)። ኣብዚ እዋን'ዚ: ከምቲ ንቡር እቲ ጉንዲ ስኒ ኣይተበልዐን ኣሎ ማለት'ዩ፤ እቲ ስኒ'ውን ኪሓዊ ይኽእል'ዩ። እንተደኣ ስንኻ ዘይተጽርዮ ኮይንካ ግን ኣብ ጥቓ ስኒ "ጉድጓድ" ይፍጠር'ሞ: ባክትርያ ብቐሊሉ እንዳተሓብኡ ነቲ ሕማም ከቀላጥፍዎ ይኽእሉ።

**ፐርዮዶንቲቲስ በኸመይ ከወግድ እኽእል፧**
እቲ ኣውራ ኣገዳሲ: ጽሬት ኣፍካ ምሕላውን፤ ኣስናንካ ክልተ ሳዕ ንመዓልቲ ብጥንቃቐ ብምጽራይ: ኣብ መፈላለዪ ስንኻ ዘሎ ቦታ ምጽራይ'ዩ። ሽዑ እቶም ባክተርያ ዚለግቡሉ ቦታ ኣይረኽቡን፤ ኣስናንካ ከኣ ብጥዑዩ ይቐጽል። ሽጋራ ምትካኽ ንመስርሕ ፐርዮዶንቲቲስ ኪጋድዶን ከቀላጥፎን ይኽእል'ዩ

**እንታይ ሓገዝ ክረክብ እኽእል፧**
ሰራሕተኛታት ክንክን ስኒ: ጸጸር ስንን ካልእ ኣብ ስኒ ዚለግብን ብምእላይ: ንፐርዮዶንቲቲስ ይሕክሙ። እዚ ኸኣ ጽጸር ስኒ ብዝኣሊ መሳርሒ ወይከኣ ብመሳርሒ ኡልትራ-ሶኒክ ይትግበር። ኣብ ግርጻንካ ዕሙቕ ዝበለ ጉድጓድ እንተሎካ: እቶም ኣብኡ ተሰጊዶም ዚእከቡ ባክተርያ ንምእላይ: ኣብ ኪኢላታት ጽሬት ስኒ (ታንድሂጌኒስተር) ሓያሎ ምብጻሓት ምግባር ከድልየካ'ዩ። እዚ ኸኣ ከምቲ ልሙድ: ኣብ ከባቢ ኣፍካ ብዝግበር መደንዘዚ ይካየድ።



**ስእሊ 1** ፐርዮዶንቲቲስ ኣብ ዚኽሰተሉ ወቕቲ: ግርጻን ስኒ ከምዚ ዚረአ ጽልም ዝበለ ቀይሕ ሕብሪ ኪህልዎ ይኽእል።



**ስእሊ 2** ቊሩብ ጽን ኢሉ: ባክተርያ ብቐሊሉ ዚእከቡሉ "ጉድጓድ" ኪፍጠር ይኽእል።